# ናይ ኦንላይን ምዝገባ ፕሮግራም ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3&4) DeKalb County School District ዚምልከት ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

## ተሰተፍቲ ናይ 2025-2026 ቅድመ-ዕጫ ፕሮግራም ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3&4)

*እዚ ክፍሊ'ዚ፡ ነቶም ናይ 2025-2026 ናይ ኦንላይን ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3&4)ንኺገብሩ ንመስርሕ መመልከቲ ኣብ ምምላእ ንዝግደሱ ወለዲ/መጕዚታት ዚምልከት ሓበሬታ ዚህብ እዩ። ዝቕጽል ስጉምታት ንኽትወስዱ ዝሕግዘኩም ኣብዚ ሰነድ'ዚ ተሪፉ ንዘሎ ኩሉ ክፍልታት ኣንብብዎ።*

**ተማሃራይ፡ ኣብ ፕሮግራማት ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3&4) ንኺምዝገብ ኬማልኦ ዘድልዮ ዕድመ ክንደይ እዩ፧**
ውላድኩም፡ ኣብ ናይ 2025-2026 ዓመተ-ትምህርቲ ብቑዕ ንኺኸውን፡ ዕለት ልደቱ ኣብቲ ዝስዕብ ዕለታት ወይ ኣብ መንጐ'ቲ ዕለታት ኪኸውን ይግባእ፥ ን4ይ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ፥ 2 መስከረም 2020-1 መስከረም 2021 ከምኡውን ን4ይ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ: 2 መስከረም 2021-1 መስከረም 2022።

**ውላደይ፡ ብመገዲ ዕጫ 3ይ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ ቦታ ረኺቡ፡ ኣብዚ ዓመተ-ትምህርቲ'ዚ ኣብ Coralwood Center፡ ማእከል ቅድመ-ትምህርቲ (Early Learning Center) ከምኡውን/ወይ Pre-K3 expansion site ናይ 3ይ ክፍሊ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ ዝተማህረ እንተኾይኑ፡ ኣብቲ ዝምሃረሉ ዘሎ ቦታ ኣብ 4ይ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ ንኺመሃር ይፍቀደሉ ድዩ፧**
እተን Coralwood Center፡ Early Learning Center ከምኡውን Pre-K3 expansion classes ኣብ ትሕቲ ክፍሊ ቅድመ ትምህርትን ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑን ዝኣተዎ ኮይነን ፍሉይ ፕሮግራማት ዝህባ ብምዃነን፡ እቶም ተማሃሮ፡ ኣብቲ ዝምሃርሉ ቦታ ብመገዲ **ሓበሬታ ፕሮግራም** ብዛዕባ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ ዚምልከት ሓበሬታ ዚውሃብሉ ዕድል ኪህልዎም እዩ። ወለዲ፡ ኣብቲ ዝምሃርሉ ቦታ ንኺጸንሑ ንቕጥዒ **ስምምዕ ምምላስ ናብ ቤት ትምህርቲ** ንኺመልኡ ዕድል ኪውሃቦም እዩ። ንቕጥዒ **ስምምዕ ምምላስ ናብ ቤት ትምህርቲ** ምስዘይትመልኡ፡ እቲ ውላድኩም ኣብ ዝቕጽል ዓመተ-ትምህርቲ ኣብቲ ሕጂ ዝምሃረሉ ዘሎ ቤት ትምህርቲ ንዝተዋህበ ናይ 4ይ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ ቦታ ክስእኖ እዩ። እቶም ኣብቲ ውላዶም ዝምሃረሉ ቤት ትምህርቲ ንዝውሃብ ናይ 4ይ ትምህርቲ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ **ዘይመረጹ** ወለዲ፡ ኣብ ዘባኦም ንዝርከብ ቤት ትምህርቲ ገዛ ኣመልኪቱ ኣብ ዚግበር ዕጫ ቦታ ንኽረኽቡ ውሕስነት **ኣይክውሃቦምን** እዩ። **እቶም ነዚ ዕድል'ዚ ዚመርጹ ወለዲ፡ ኣብ ዘባኦም ንዝርከብ ቤት ትምህርቲ ገዛ ኣመልኪቱ ኣብ ዚግበር ዕጫ ናይ 4ይ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ ንኺኣትዉ ከመልክቱ እዮም። እቶም ንኺወጹ ዝመረጹ ወይ ኣብ ቅጥዒ ስምምዕ ምምላስ ናብ ቤት ትምህርቲ ዝፈረሙ ኩሎም ወለዲ ናይቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ናይ 3ይ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ፡ ኣብ ዕጫ ንኺኣትዉ ንዘቕርብዎ መመልከቲ ኪመልኡ ይግባእ።**

**ውላደይ፡ ካብቲ ዝምሃረሉ ዘባ DeKalb County School District (DCSD) ወጻኢ ዚቕመጥ እንተኾይኑ፡ ኣብ ፕሮግራማት ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3&4) ንኺሳተፍ ብቑዕ ድዩ፧**
ኣይኮነን። መንበሪ ኣድራሻኹም፡ ኣብ ዘባ ዲስትሪክት ቤት ትምህርቲ ደካልብ ካውንቲ ምስዘይከውን፡ ኣብዚ ክትምሃሩ ብቑዓት ኣይኮንኩምን። እቲ ኣድራሻኹም ኣብ ዘባ DCSD ከምዝርከብ ርግጸኛታት እንተዘይኴንኩም፡ ኣድራሻኹም ንምርግጋጽ ብኽብረትኩም ኣብ [ሓባሪ ቤት ትምህርቲ] ከፊትኩም እተዉ።

**ካብ ሓደ ንላዕሊ ኣብ ዝኾነ ቤት ትምህርቲ ከመልክት ይፍቀደለይ ድዩ፧**
ኣይፋል። ዝምልከተኩም እንተኾይኑ ኣብ theme school፡ Coralwood ከምኡውን/ወይ Early Learning Center ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ገዛ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ theme school፡ Coralwood ወይ Early Learning Center ከተመልክቱ እንተመሪጽኩም፡ እሞ ኸኣ ዝተመረጽኩም እንተዘይኴንኩም፡ ኣብ ዝርዝር ኣስማት ተጸበይቲ ብቐጥታ ከምእትኣትዉ ኪግበር እዩ።

**ውላደይ፡ ኣብ መዋዕለ-ቆልዑ ንኺመሃር ብቑዕ ኮይኑ፡ ግን ከኣ ኣብቲ ብክፍለ-ሃገር ዚምወል ፕሮግራም 4ይ ቅድመ-መውዓለ ቆልዑ ዘይተሳተፈ እንተኾይኑ፡ ኣብ 4ይ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ ንኺምዝገብ ብቑዕ ድዩ፧**
ውላድኩም፡ ከም ተማሃራይ 4ይ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025-2026 ንኺምሃር ብቑዕ ንኺኸውን፡ ንዓመት መዋዕለ ቆልዑ ኣብ ኣካታቲ ዚኾነ ትምህርቲ (ናይ ሓባር-ትምህርቲ) 4ይ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ ንኺምሃር ዘድልዮ እንተኾይኑ ዜረጋግጽ ውልቃዊ ውጥን ትምህርቲ (Individualized Education Plan (IEP)) ኪህልዎ ኣለዎ።

**ውላደይ፡ ኣብ ፕሮግራም ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ተመዝጊቡ ንኺምሃር፡ ባዞ ብኸመይ ከምዝጥቀም ዝተለማመደ ድዩ፧**

ውላድኩም፡ ከም ምኽዳን ክዳን፡ ምውጻእ ክዳንን ምጥቃም ባዘን ዝኣመሰለ ባዕልኻ እተካይዶ ዕማማት ክፍጽም ንኽኽእል ትጽቢት ይግበረሉ። ቆልዑ፡ ናብ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ቅድሚ ምእታዎም ባዞ ብኽመይ ከምዝጥቀሙ ኪለማመዱ ይግባእ። ቆልዑ ቀልቀል ምስዝወጹ ወለዲ ከምዚጽውዑ ኪግበር እዩ፣ ክዳን ንኽቕይርሎም ናብ ቤት ትምህርቲ ከምዝመጹ ኪግበር እዩ። ተማሃሮ፡ ንዕኦም ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ውልቃዊ ውጥን ትምህርቲ (IEP) ወይ ውጥን 504 ዝሰፈረ እንተዘይኮይኑ፡ ምሉእ ክዳን ተኸዲኖም ናብ ቤት ትምህርቲ ንኺመጹ ኣይፍቀደሎምን እዩ፣ ውላድኩም፡ ምትሕግጋዝ ኣብ ዝግበረሉ ክፍሊ ይምሃር፣ ብመምህር/ተሓጋጋዚ ፍሉይ ጠለባት ተማሃሮ ድማ ሓገዝ ኪውሃቦ ይከኣል።

**ከም ሰራሕተኛ DCSD መጠን፡ ኣብ ዕጫ ምዝገባ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ብቐጥታ ከምዚኣቱ ይኽውን ድዩ፧**
ኣይኮነን። ከም ሰራሕተኛ DCSD መጠን፡ ልክዕ ከም ኩሉ ሰብ፡ ብተመሳሳሊ መስርሕ ዕጫ ክትሓልፉ ይግባእ። ሰራሕተኛታት ኣብ ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ክኣትዉ ቅድሚ ምኽኣሎም፡ ዘማልእዎ ቅድመ-ኹነት ኣሎ። መምርሒ ተሳትፎ ሰራሕተኛታት ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) DeKalb ንኺውሃበኩም፡ ብኽብረትኩም ንርእሰ-መምሃራን ቤት ትምህርቲ ወይ ንኽፍሊ ቅድመ-ትምህርትን ፕሮግራማት ቅድመ-ትምህርትን ተወከሱ።

**እቲ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ውላደይ፡ ውልቃዊ ውጥን ትምህርቲ (IEP) ኣለዎ፣ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ DCSD ኣይተመዝገበን። ውላደይ፡ ዕጫ ምስዝበጽሖ፡ ኣብቲ ዘለዎ ናይ ገዛ ቤት ትምህርቲ ከምዝጸንሕ ድዩ ዝግበር፧**
እቲ ውልቃዊ ውጥን ትምህርቲ (IEP) ዘለዎ ኣመልካቲ ኣብ ሓፈሻዊ ትምህርቲ 4ይ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ Bright from the Start (BFTS) ንኺሳተፍ ምስዝምረጽ፡ እቲ ኣመልካቲ፡ ብመሰረት'ቲ ተማሃራይ ዘድልዮ ውልቃዊ ጠለባት ኣብ ኣካታቲ ክፍሊ BFTS ንኺግዕዝ ተኽእሎ ኪህሉ እዩ። ኣስተብህሉ፥ ኣብያተ-ትምህርቲ ቲም (Theme)፡ ንBFTS ዘካተተ መምሃሪ ክፍልታት ኣይሕዛን እየን።

**እቲ ወዲ ሰለስተ ዓመት ውላደይ፡ ውልቃዊ ውጥን ትምህርቲ (IEP) ዘለዎ እሞ ኸኣ ኣብ ክፍሊ ፍሉይ ትምህርቲ DCSD ድሮ ዝተመዝገበ እንተኾይኑ፡ ኣብ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ከመዝግቦ ይግብኣኒ ድዩ፧**
ኣይፋል። ተማሃሮ፡ ኣብ ሃውራዊ መስርሕ ምርጫ ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ይምረጹ፣ እቶም ውልቃዊ ውጥናት ትምህርቲ (IEP) ዘለዎም ተማሃሮ፡ ከም እካል'ቲ ኣብ ናይ ተማሃራይ ውልቃዊ ውጥን ትምህርቲ (IEP) ዚጠልቦ ፍሉይ፡ ውልቃዊ ጠለባት፡ ደገፍ ተማሃሮን ኣገልግሎታትን ኣብ ግምት ዘእተወ ውሳኔ ጉጅለ ውልቃዊ ውጥን ትምህርቲ (IEP)፡ ኣብ ክፍሊ ፍሉይ ትምህርቲ ቦታ ክረኽቡ እዮም። ኣብ ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ቅድሚ ምእታውኩም፡ ብዛዕባ'ቲ ንጠለባት ውላድኩም ብዝግባእ ኣብ ዝሰማማዕ ትምህርቲ ቅድመ-ቆልዑነት ዚምልከት ሕቶታት እንተልዩኩም፡ ንሓላፊ ጉዳያት ውልቃዊ ውጥን ትምህርቲ (IEP)፡ መሪሕ መምህር ፍሉይ ትምህርቲ (Lead teacher for Special Education) ወይ ክፍሊ ፍሉይ ትምህርቲ (Department of Exceptional Education) @ https://www.dekalbschoolsga.org/exceptional-education ክትውከሱ ለበዋ ይውሃበኩም።

**ተማሃራይ፡ ኣብ ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ንኽመልክት ከማልኦ ዘድልዮ ሰነዳት ኣየናይ እዩ፧**
ምስክር ወረቐት ልደት፡ ምስክር ሕጋዊ መጉዚት (ስም ወላዲ/መጉዚት ኣብ ምስክር ወረቐት ልደት ምስዘይህብሉ)፡ ምስክር ወረቐት መንነት ወላዲ/መጉዚት፥ ከምኡውን መረጋገጺ መንበሪ። ዝርዝራዊ ሓበሬታ ዚሓዘ ኣጠቓላሊ ዝርዝር ናይቲ ኪማላእ ዘድሊ ኩሉ ሰነዳት፡ ኣብ "ኣድላዪ ሰነዳት (Required Documents)" ዚብል መጠወቕ ወይ ኣብዚ ዚስዕብ ሊንክ https://www.dekalbschoolsga.org/pre-k/ ብምጥዋቕ ኪርከብ ይከኣል እዩ።

**ኣብ 2025-2026 ኣብ ዚካየድ ናይ ኦንላይን ዕጫ ንኽመልክት ድሉው ስለዝኾንኩ፡ እቲ ቀጺለ ክገብሮ ዝግብኣኒ እንታይ እዩ፧**
ነቲ ተሪፉ ዘሎ ትሕዝቶ ናይዚ ሰነድ'ዚ ብምልኣት ምስኣንበብኩምን እቲ መመልከቲ ዕጫ ዚኣትወሉ ግዜ ምስተኸፍተን፡ ኣብ ታሕቲ ሊንክ ኣብ ዚርከብ "ሕጂ ኣመልክቱ (Apply Now)" ኣብ ዚብል መልጎም ጠውቑ። እዚ፡ ንመመልከቲ ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ክትመልእሉ ናብ እትጅምርሉ መርበብ-ሓበሬታ ኪወስደኩም እዩ። ኣብ መቐበሊ-ገጽ መርበብ-ሓበሬታ፡ ኣብ መስርሕ መመልከቲ ሓገዝ ዝኾነኩም ሓባሪ-መምርሒታት ክትረኽቡ ኢኹም። https://www.dekalbschoolsga.org/pre-k/

**<u>ተሳተፍቲ ናይቲ ኣብ 2025-2026 ዚካየድ ናይ ኦንላይን ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን)</u>**
*እዚ ክፍሊ እዚ ነቶም ኣብ 2025-2026 ከይዱ ናይ ኦንላይን ዕጫ ዝተሳተፉን ኣብ ናይ ተሓላለውቲ ዝርዝር ከምዝኣተዉ ወይ ቦታ ከምዝረኸቡ ዝተሓበሮም ወለዲ/ኣላይቲ ሓበሬታ ዝህብ እዩ። ነቲ ኣገዳሲ ሓበሬታ ንኹሎም ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ ናይ መወዳእታ ክፍሊ ምንባብኩም ርግጸኛታት ኩኑ።*

**እንድሕር ደኣ ቆልዓይ ኣብ እቲ ዕጫ ቦታ ረኺቡ/ባ፡ ቀጻልቲ ስጉምቲተይ እንታይ እዮም ክኾኑ?**

ውላድኩም፡ ኣብዚ ዕጫ'ዚ ቦታ ዝተዋህበ እንተኾይኑ፡ እሞ ኸኣ ነቲ ቦታ እንተተቐቢልክሙዎ፡ ብኽብረትኩም ኣብ መቖጻጸሪ ሰሌዳ ወለዲ ኣብ ዘርከብ ከምእተቐበልክሙዎ ኣብ ዜመልክት መጠወቒ ኣብ ውሽጢ 14 መዓልታት ጠውቑ። ነቲ ዝበጽሓኩም ቦታ ንኸይትቕበልዎ እንተመሪጽኩም፡ ብኽብረትኩም ኣብ ውሽጢ 14 መዓልታት ከምዘይተቐበልኩም ኣብ ዜመልክት መጠወቒ ጠውቑ። እቲ ቤት ትምህርቲ፡ እንድሕር ደኣ ዘይንበብ ወይ መዓልቲ ዝሓለፎ ኮይኑ ሰነድ ደጊምካ ንኽለኣኽ ክሓትት ይኽእል እዩ። ወለዲ ናይቲ ኣብዚ ኣውራጃ ድሮ ዝተመዝገበ ቆልዓ DCSD እንተኼንኩም፡ ንፖርታል ወለዲ ብምጥቃም ንመስርሕ ምዝገባ ክትመልኡ ኢኹም። ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ሓገዝ ንኽውሃበኩም ንቤት ጽሕፈት ምዝገባ ቤት ትምህርትኹም ብኽብረትኩም ተወከሱ። ንፖርታል ናይ ኦንላይን ምዝገባ ደካልብ ካውንቲ (DeKalb County Online Registration) https://www.dekalbschoolsga.org/online-registration/ ብምጥቃም፡ ናይ ኦንላይን መስርሕ ምዝገባ "ሓድሽ ተማሃራይ (New Student)" ክትመልኡ ኢኹም።

**ውላደይ፡ ኣብ መስርሕ ዕጫ ኣብ ዝርዝር ተጸበይቲ ዝኣተወ እንተኾይኑ፡ እቲ ቀጺለ ዝገብሮ ስጉምታት እንታይ እዩ፧**
ቦታ ንምርካብ ኣብ ዝተገብረ ዕጫ ዘይተመርጸ ዝኾነ ተማሃራይ፡ ኣብ ዝርዝር ተጸበይቲ ብቐጥታ ከምዚኣቱ ኪግበር እዩ። ኣብ ተጸበይቲ ዝርዝር ከምዘለኹም ንዚሕብር ቍጽሪ ንኽትረኽቡ፡ ብኽብረትኩም ኣብ ፖርታል ወለዲ እተዉ። ቤት ትምህርቲ፡ እቲ ቦታ ኣብ ዝተነጽገሉ ወይ ኣብ ዝተሰረዘሉ እዋን፡ ኣብ ዝርዝር ተጸበይቲ ንዘለ ቀጻሊት ስድራቤት ኪሕብር እዩ። ኣብ እቲ እዋን ንሱ፡ ናይ ቆልዓኹም ወንበር ሒዝኩም ንኽትቅጽሉ እቶም ቀጺሎም ዝውሰዱ ስጉምቲታት ክተማልኡ ኣለኩም። እቲ ቤት ትምህርቲ እቶም ን ምዝገባ ዝተመረጹ ተምሃሮ ብምፍላይ፡ ብዘዕባ እቶም ብመንገዲ ኤሌክትሮኒክስ ብ ኢሜይል ክላኣኹ ዘለዎም ሰነዳት ን ወለዲ/ኣለይቲ መምርሒታት ክህብ እዩ።

## ኣብ 2025-2026 ኣብ ዝተኻየደ ናይ ኦንላይን ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ዘይተሳተፉ ሓደስቲ ኣመልከትቲ

*እዚ ክፍሊ'ዚ፡ ነቶም ኣብ 2025-2026 ናይ ኦንላይን ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3&4)ክሳተፉ ዝዘይከኣሉ ወለዲ/መጕዚታት ዚምልከት ሓበሬታ ዚህብ እዩ።* ***ንኹሉ ሰብ ዚኸውን ኣገዳሲ ሓበሬታ*** *ዚብል ኣርእስቲ ንዚሓዘ ናይ መወዳእታ ክፋል ከምዘንበብኩም ኣረጋግጹ።*

**ስድራቤተይ ኣብዚ ዕጫ'ዚ ዘይተሳተፈት ምስእትኸውን፡ ውላደይ ቦታ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ንኺረክብ ብኸመይ ከመልክት እኽእል፧**
ክፉት ቦታ ምህላዉ ንምርግጋጽ ምስ ቤት ትምህርቲ ተራኺብኩም ብምርግጋጽ ጀምሩ። እንድሕር ደኣ ክፉት ቦታ ሃሊዩ፡ ናብ እቲ ቀጻሊ ሕቶ ይቕጽሉ። ቦታ ምስዘይህልዎም፡ ንመመልከቲ ዝርዝር ተጸበይቲ መሊእኩም፡ ነቲ መመልከትን ወረቐት ምስክር ወሊድ ውላድኩምን ብኤለትሮኒካዊ መገዲ ብኢመይል ናብ ወኪል ምዝገባ ቤት ትምህርቲ ብሓባር ክትሰዱ ናጽነት ይሰምዓኩም። እንድሕር ደኣ ናይ እቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ምዝገባ ምዱብ ሰብ መን ምዃኑ ዘይፈሊጥኩም፡ ምስ እቲ ቤት ትምህርቲ ተራኸቡ። እቲ መመልከቲ ዝርዝር ተጸበይቲ፡ ኣብ ታሕተዋይ ሸነኽ ኣብ ዘሎ ሓጺር መግለጺ መርበብ ሓበሬታ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ ኣውራጃ ኪርከብ ይከኣል እዩ። www.dekalbschoolsga.org/pre-k

**ቤት ትምህርቲ ናጻ ቦታ እንተለይዋ፡ ኣብ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ንኽትምዝገቡ እትገብርዎ ዝቕጽል ስጕምትታት እንታይ እዩ፧**
ንሓድሽ መመልከቲ ምዝገባ ተማሃራይ (New Student Registration Application) ናይ 2025-2026፡ ኣብ ዝስዕብ ሊንክ https://www.dekalbschoolsga.org/online-registration/new-students/ ብምጥዋቕ ብማንዘዊ ኣገባብ ምልኡ። ወለዲ ናይቲ ኣብዚ ኣውራጃ ድሮ ዝተመዝገበ ቆልዓ DCSD እንተኼንኩም፡ ንፖርታል ወለዲ ብምጥቃም ንመስርሕ ምዝገባ ክትመልኡ ኢኹም። ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ሓገዝ ንኽውሃበኩም ንቤት ጽሕፈት ምዝገባ ቤት ትምህርትኹም ብኽብረትኩም ተወከሱ።

**ተማሃራይ፡ ኣብ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ ንኺምዝገብ ከማልኦ ዚግባእ ሰነዳት ኣየናይ እዩ፧**
ኣጠቓላሊ ዝርዝር ናይቲ ዘድሊ ሰነዳት፡ ኣብ ዚስዕብ ሊንክ ኣብ ዝርከብ ሰሌዳ "Required Documents" ብምጥዋቕ ኪርከብ ይከኣል እዩ፥ https://www.dekalbschoolsga.org/pre-k/.

**እቲ ናይ 2025-2026 ሓዱሽ ተምሃራይ ምዝገባ ምልክታ መሊአይ ምስ ወዳእኹ ቀጺሉ ዝኸዉን ነገር እንታይ እዩ?**
ኣብ ከባቢኹም ዘርከብ ቤት ትምህርቲ፡ ነቲ ክትገብርዎ ዘለኩም ቀጻሊ ስጉምታት ንኽሕብረኩም ኪውከሰኩም እዩ።

**<u>ኣገዳሲ ሓበሬታ ንኹሉም</u>**

**እንተ ደኣ ነቲ ናይ ጥዕና ክትባት ቅጥዒ 3231(Health Immunization Form 3231) ኣብቲ ትምህርቲ ዝጀመረሉ ግዜ ከቕርብ ዘይክኢለ እንታይ የጋጥመኒ?**
ፖሊሲ DCSD፥ ውላድኩም፡ ትምህርቲ ካብ ዝጀመረሉ ዕለት ወይ ዘብቅዓሉ ዕለት፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ንቕጥዒ ክታበት ጥዕና 3231 ኣብ ፋይል ክህልዎ ይግባእ ኢሉ ይጠቅስ እዩ። ነዚ ሰነድ'ዚ ብኤሌክትሮኒካዊ ኣገባብ ክትቀበሉን ክትልእኹን ጸገም ዘጋጥመኩም እንተኾይኑ፡ ብኽብረትኩም ናብ ቤት ትምህርቲ ኢመይል ግበሩ። እቲ ቅጥዒ፡ ካብቲ ትምህርቲ ዝጀመረሉ ናይ ፈላማ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ዘይቐርብ እንተኾይኑ፡ እቲ/ታ ቆልዓ ነቲ ቅጥዒ ከይሓዘ/ት ወይ ናይ ቆጸሮ መረዳእታ ከይሓዘ ናብ ትምህርቲ ክምለስ ኣይኽእልን/ኣይትኽእልን። እቲ/ታ ቆልዓ ድሕሪ እቲ ቆጸራ ዝተሓደሰ ቅጥዒ ዘይቐርብ እንተኾይኑ ናብ ትምህርቲ ክምለስ/ክትምለስ ኣይኽእልን/ኣይትኽእልን። ሓደ ቆልዓ፡ እቲ ቅጥዒ ኣብ ግዚኡ ስለዘይቀረበ ንተኸታተልቲ 10 መዓልታት ምስዘብኩር፡ እቲ ኣብ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ዝርኸቦ ቦታ ከምዚስረዝ ኪኸውን እዩ።

**እንድሕር ደኣ ናይ ምስማዕ፡ ምርኣይ፡ ስኒ ን ናይ ኣመጋግባን ቅጥዒ 3300 (Hearing, Vision, Dental and Nutrition Form 3300) ኣብ መጀመሪ እቲ ትምህርቲ ከቕርብ ዘይክኢለይ እንታይ ከጋጥመኒ እዩ?** ፖሊሲ DCSD፥ ውላድኩም፡ ትምህርቲ ካብ ዝጀመረሉ ዕለት ወይ ዘብቅዓሉ ዕለት፡ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልታት፡ እዚ ቅጥዒ'ዚ ኣብ ፋይል ክህሉ ይግባእ ኢሉ ይጠቅስ'ዩ። ነዚ ሰነድ'ዚ ብኤሌክትሮኒካዊ ኣገባብ ክትቀበሉን ክትልእኹን ጸገም ዘጋጥመኩም እንተኾይኑ፡ ብኽብረትኩም ናብ ቤት ትምህርቲ ኢመይል ግበሩ። እቲ ቅጥዒ፡ ካብቲ ትምህርቲ ዝጀመረሉ ናይ ፈላማ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልታት ዘይቐርብ እንተኾይኑ፡ እቲ ቆልዓ ናብ ትምህርቲ ኪምለስ ኣይክኽእልን እዩ፣ እዚ ድማ እቲ ቆልዓ ካብዚ ፕሮግራም ከምዝወጽእ ኺግበር እዩ።

**ንተማሃሮ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ዚምልከት ፖሊሲ ተሳትፎ-ትምህርቲ (ኣቴንዳንስ) ኣሎ'ዶ፧**
እወ፣ ንተማሃሮ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን) ዚምልከት ፖሊሲ ተሳትፎ-ትምህርቲ ኣሎ። ተማሃሮ፡ ኣብ ምሉእ ናይ ትምህርቲ ዓመት ኣብ ዚውሃብ ምሉእ ናይ ትምህርቲ ግዜ ንኺሳተፉን ንኺምሃሩን ትጽቢት ይግበረሎም። ውላድኩም፡ ሕክምናዊ ፍቓድ ዘይብሉ ክነሱ ንተኸታተልቲ ዓሰርተ መዓልታት ምስዘብኩር ወይ ምስዝድንጉ፡ ብመገዲ'ቲ ብBright from the Start ዝተዳለወ ፖሮቶኮላትን መምርሒታትን ተሳትፎ-ትምህርቲ ኣውራጃ ካብ ዝምሃሮ ክፍሊ ከምዝወጽእ ኪግበር እዩ። ብተወሳኺ ድማ፡ እንድሕር ደኣ እቲ ቆልዓ ናብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝመጸሉ ግዘ ናይ ምርፋድ ወይ ቅድሚ ሰዓት ናይ ምኻድ ሕዱር ጸገም ዘለዎ ኮይኑ፡ እቲ ኣማኻሪ ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ን ወለዲ/ኣለይቲ ከዘራርብ እዩ።

**ወለዲ/መጕዚታት ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ *3ን 4ን) ክሳተፍዎ ዘለዎም መደባት ኣለዎም'ዶ፧**
እወ፡ ወለዲ/ኣለይቲ ኣብ ኲሉም መደብ ዝተትሓዘሉም ምይይጣትን ኮንፈረንስታትን ብንኡሱ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜን ካብኡ ንላዕሊን ንዝኾን ግዜ ተሳትፎ ክገብሩ ትጽቢት ይግበር። መምህር ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ከምኡውን/ወይ ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑ (3ን 4ን)፡ ኣኼባ/ዋዕላ ብዛዕባ ዝካየደሉ ሰዓታት ኣመልኪቱ ሓበሬታ ኪህበኩም እዩ፣ እቲ ዝተወጠነ መዓልትን ሰዓትን ኪህበኩም እዩ። እቲ ዝካየድ ንጥፈታት፡ ብገምጋም ሓደ ሰዓት ዝወስድ እዩ።
**ኣብ ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት ዘይተመለሰ ሕቶ ምስዝህልወኒ'ኸ፧**

ንኽፍሊ ፕሮግራማት ቅድመ ትምህርትን ቅድመ-መዋዕለ ቆልዑን (Department of Early Learning and Pre-K programs)ኣብ PreKRecords@dekalbschoolsga.org ክትውከሱ ናጽነት ይሰምዓኩም።